# ሓበሬታ ንካብ ምጥራዝ (ብዘይድሌትካ ናብ ካልእ ሃገር ምስጓግ) ኣብ ስጉምቲ ከድሕኑ ዝደልዩ ሰባት

እዚ ሓበሬታ ንናብ ሃገሮም ኮነ ካልእ ሃገር ክምለሱ ዘይከእሉ ወይ ድማ ዘይደልዩ ሰባት ጊና ኣብ ኣይሮፖርት ከለዉ ካብ ምጥራዝ ንምንጋፍ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ።ብመጀመርያ ብንዙኻእለ መጠን ንኢ.ተሰብኩ ይኹን ብጽሒካ ነቲ ምጥራዝ ከም ትቓወሞ ሓብሮም።ንሳቶም ድማ ካብ ደገ ነቲ ኣየር ላይን ብዘይ ፍቓድካ ትበርር ከምዘለኻ ብምሕባር ክተሓብበሩኻ ይኽእሉ።ኣብ ፍራንክፈርት ኣየር ፖርት(ዝበዝሐ ምጥራዝ ዝካየደሉ ኣየር ፖርት) ሓደ ነዚ ጉዳይ ዝከታተልን፡ንተሳፈርትን ኣየር ላይንስን ዝሕብርን፡ኣንጻር ምጥራዝ ዝቖንዐ ተቃውሞ ዝገብርን ግሩፕ ኣሎ።ነቲ ግሩፕ ብ ኢ.መይል ክትረኽቦም ትኽእሉ። vga@antira.info

ዝቅጽል ሓበሬታ ብኸመይ መንገዲ ንነብስኻ ካብ ምጥራዝ ክተድሕና ከምእትኽእል ዝበልጽ ኮይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ንብናርማል ናይ ተሳፈርቲ መጓዓዝያ ነፋሪት ዝግበር ምጥራዝ ዝምልከት እዩ።ኣብዚ እዋን ሮማውያን ብፍላይ ካብ ዱሰልዶርፍ ወይ ባደን ባደን ብቻርተር ፍላይትስ ስለዝጥረዙ እተን ነፈርቲ ድማ ካልኦት ተጠረዝትን ፖሊስን ጥራይ ዝሓዛ ስለዝኾና ነብስኻ ምክልኻል ከቢድ ይኸውን።መሰኻኸር ውን የብሉን።ብዘይ ድሌትካ ትባረር ከም ዘለኻ ብዙሕ ህዝቢ እንተፈሊጡ ዝበዝሐ ናይ ምድሓን ዕድል ይህልወካ።ኣብ ዱሰልዶርፍን ባደን ባደንን ውን ምጥራዝ ዝቃወሙ ንጡፋት ሰባት ኣለው።

ኣብ ኣይሮፖርት ምስ በጻሕካ ነብስኻ ካብ ምጥራዝ ንምድሓን እንታይ ክም እትገብር ክሕርብዑካ ስለዝኽእል ነዚ ሓበሬታ ብምንባብ ክትዳሎ ይግባእ።

## ናብ ኣየር እናኸድካ እትገብሮ

ናይ ሃገረ ጀርመን ፓሊስ ንስብ ኣብ ምጥራዝ መብዛሕትኡ ጊዜ ዘይግዳሰን ጨካንን ስጉምቲ ስለዝወስዱ፡ከምኡ ውን ሕጊ ሓይሊ ንክጥቀሙን የእዳው ክኣስሩን ስለዘፍቅደሎም ፡ሓደ ሓደ ጊዜ ውን ማህረምቲን ምፍርራህን ስለዝጥቐሙ ንክትቓወሞም ብምባል ሓይልኻ እንተዘይወዳእካ ይሕሸካ።

## ማህሰይቲ ወይ ድማ ሕማም እንተለካ

ማህሰይቲ ወይ ድማ ሕማም እንተለካ(ሓሚምካ እንተለኻ)፡ ንኩሎም ኣብ መንገድኻ ዘጋንፉኻ ሰባት(ናይ ኢ.ሚግሬሽን ሰራሕተኛታት፡ ናይ ኣየር ፖርት ሶሻል ሰርቪስ፡ ሰራሕተኛታትን ተሳፈርትን ናይታ እትሳፈረላ ነፋሪት) ብዛዕባ ማህሰይትኻ ወይ ሕማምካ ክትሕብር ይግባእካ።ቀላሲ ኩሉ ጊዜ ዘዐውት ስጉምቲ ኣይኮነ፡ ብዙሕ ግዜ ምጥራዝ ብምኽንያት ሕክምና ይቓረጽ እዩ።

## ኣብ ነፋሪት ምስደየብካ

ኣብ ዓለምለኻዊ ስምምዕ ብምምርኳስ፡ ፖሊስ ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ዝኾነ ፍሉይ ስልጣን የብሎምን።ዝኾነ ሓይሊ ድማ ክጥቀሙ ኣይኽእሉን

ኣብ ጀርመን መብዛሕትኡ ምጥራዝ ብነፋሪት እዩ ዝካየድ።ቅድሚ 10 ዓመት "No one is illegal" ዝተባህለ ናይ ጸረ ዓሌትነት መርበብ(Anti racist network) ኣብ ኣይር ፖርትታት ምንቅስቓስ ብምግባር ዲፓርቴሽን ክላስ ዝበል ዘመት ጀሚሩ።እቲ ዘመት ድማ ንሉፍታንዛ ኣየር ላይን ተጠረዝቲ ከየጓዕዝ ንምግባር ዝዓለመ እዩ ነሩ።ወጽኢ.ቱ ድማ ሉፍታንዛ ንርኢይ ተቓውሞ ዘርኣዩ ተጠረዝቲ ከምዘይጽዕን ብውግዒ ገሊጹ።ካብ ተመክሮና ድማ ብዙሓት ተቓውሞ ዘርኣዩ ተጠረዝቲ፡እቶም ፓይሎታት ስለእተቓወሙ ከምዝይጥረዙ ተገይሩ።




ናይ ማሕበር ናይ ፓይሎታት መርገጺ

ናይ ጀርመን ናይ ፓይሎታት ማሕበር "Cockpit" ናይ ሕጊ ክኢላታት ከምዝሓበሮዎ፡ንተጠረዝቲ ሰባት ኣብ ነፋሪት ኢ.ዶም ምእሳር ኣይፍቀድን እዩ።እቲ ፓይሎትውን ነቲ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ ከነጽጎ ይግባእ፡እንተዘይኮነ ድማ መቅጻዕቲ ክወርዶ ይኽእል እዩ።ብተወሳኺውን ኩሎም ፓይሎታት ቅድሚ በረራ ኩሉ ዝጥረዝ ሰብ ብድልየቱ ይበርር ከምዘሎ ንከረጋግጹ ሓቲቶዎም(ሓቢሮዎም ኣሎ)። ዓለምለኻዊ ማሕበር ናይ ፓይሎታት IFALPA ብወገኑ ሓደ ካብ ሮቃሒታት ናይ በረራ ብምባል "ሰባት ብድልየቶም ክበሩ ኣለዎም" ብምባል ኣስፊርዎ ይርከብ።

እዮም።ስለዚ ሓይልኻ ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ንከትጥቀመሉ ክትዕቅብ ይግባእ።በዝተኻእለ መጠን ዓው ኢልካ ንፓይሎት ወይ ድማ ንኣባላት ሰራሕተኛታት ናይታ ነፋሪት ክትዛረብ ፈትን። ብዘይ ፍቃድካ ትብርር ከምዘለኻን ኣብኡ ንከትከላኸል ድማ ከምእትቃለስን ግለጸሎም።ክትቓልስ ማለት ድማ ዕግርግር ምፍጣር ማለት ዘይኮነ፥ መብዛሕትኡ ግዜ ዓው ኢልካ (ና) ምባል እኹል እዩ።እንተዘይኮነ ድማ ዓው ኢልካ ምጭዳር፡ ኩፍ ምሕሳም፡ ቢልት ምሕሳምን ካብ መንበርካ ምውራድን ናብ ምድሪ ናይታ ነፋሪት ምውዳቕን ካልእን ብምጥቃም ነብስኻ ክትከላኸል ይግባእ።

ናይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ወይ ድማ ፖሊስ ኣብታ ነፋሪት ምስዘይህልዉ፥ እቲ ነገር ብጣዕሚ ይቐልል።ብቐጥታ ናብቲ ፓይሎት ብሚኽድ ድማ ኩተዘረርቦ ከምእትደሊ ደጋሪምካ ሓብሮ። ክትብርር ከምዘይትደሊን ንሱ ድማ ነቲ ምጥራዝ ከፍጽሞ ከምዘይብሉን ሓብሮ።እቲ ፓይሎት ከገድደካ እንተፈቲኑ ድማ ንስኻ ሪፓርት ከምእትገብርን ክሲ ውን ከምእትምስርተሉን ኣጠንቅቆ።ንሰውን ኣፍልጦ ናይ "ኩሎም ፓይሎታት ብኣስገዳድ ዝግበር ምጉዕዓዝ ከቓወሙ ኣለዎም" ዝብል ምኽሪ ናይ ማሕበር ናይ ፓይሎታት("Cockpit") ስልዝህልዎ(ሳጹን ተመልከት) ንስኻ ብዘይ ድልየትካ በስገዳድ ትብርር ከምዘለኻን ዝከኣለካ ናይ ነብስ ምክልኻል ስጉምቲ ከምእትወስድን ሓብሮ።

ሰራሕተኛታት ናይ ኢሚግሬሽን ንጸጥታ ብምባል ምሳኻ ክበሩ እንተሓሲቦም፥በዝተኻእለ መጠን ናብ ፓይሎት ክትበጽሕ ፈትን።እቶም ናይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ክኽልክሉኻ ወይ ድማ ኢድካ ክኣስሩኻ እንተፈቲኖም ዓው ኢልካ ክትቓወም ይግብኣካ።ነቲ ፓይሎት ድማ ከምእትቓወም ሓብሮ።

## ሕጋዊ ኩነታት

> **"ናይ ሓደጋ(ህጹጽ) መውጽኢ"**
>
> ብዙሕ ግዜ ናይ ጀርመን ናይ ኢሚግሬሽን ሓለፍቲ ነቲ ምጥራዝ ብቐጥታ በረራ ናብቲ እትምለሰሉ ዘለኻ ሃገር ብዘይብሉን ነፈርቲ እዮም ዝገብርዎ።ስለዚ እቲ ተጠራዚ ኣብ ኣየር ፖርት ናይ ሳልሳይ ሃገር ናብ ካልእ ነፋሪት ክቕይር ስለዘለዎ ፡ናብታ ካልኣይቲ ነፋሪት ንክይድይብ ክሕንገድ ይኽእል።ብዙሓት ድማ ብኸምዚ ኣገባብ ናብ ጀርመን ዝተመለሱ ኣለዉ።

ኣብ ናይ ጀርመን ኣይር ፖርት፥ማዕጾ ናይ ነፋሪት ምስተዓጽወ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ስለዘገድዶም ናይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ሓይሊ ክጥቀሙ ኣይኽእሉን እዮም።ስለዚ ካብዛ ቦታ ክሳብ ናይ ካልእ ሃገር ኣየር ፖርት ምንም ሓይሊ ይኹን ስልጣን የብሎምን።ከምኡውን ኣብ ሳልሳይ ሃገር ይኹን ኣብ ግዜ ትራንዚት ዝኾነ ስልጣን ስለዘይብሎም ንናይታ ሳልሳይ ሃገር ንኣብነት ሆላንድ ወይ በልጅዩም ፖሊስ ክትብርር ከምዘይትደሊን ናብ ነፋሪት ምድያብ ብትሪ ከምእትቃወምን ግለጸሎም።

## ምጥራዝ ብዓወት እንተተሰሪዙ ወይ እንተተቛሪጹ፥በድሕሪኡ እንታይ ኪጋጥም ይኽእል፧

መብዛሕትኡ ግዜ ጀርመናውያን ነቲ ምጥራዝ ዳግማይ ንክፍጽምዎ ይፍትኑ።መጀመርያ ቅድሚ ናይ ምጥራዝ ፈተነ ምክያዱ ኣብ ዲተንሽን(ቤት ማሕቡስ) እንተነርካ ብድሕሪኡውን መጀመርያ ናብ ዲተንሽን ትምለስ።እንተዘይኮነ ግን ናብቲ ትቕመጠሉ ዝነበርካ ቦታ ናይ ጀርመን ከምእትምለስ ይግበር።ብድሕሪኡ ክሳብ ካልኣይ ናይ ምጥራዝ ፈተነ ዝዛዘድ ሓጺር ግዜ ስለዝህልወካ ሃንደበት ክትተሓዝ ውን ስለእትኽእል ብዘይ ዝኾነ ነገር ኩፍ ክትብል ውሑስ ኣይኮነን።ስለዚ ብቕልጡፍ ጠበቓ ወይ ድማ ኣማኻሪ ሕጊ ክትውከስ ይግብኣካ።

## ናይ ምጥራዝ ጉዳይካ ናይ ውሽጢ ኤውሮጳ ማለት ዱብሊን II ኮንቨንሽን (Dublin II Convention) እንተኾይኑኸ እንታይ ኪጋጥመካ ይኽእል፧

ኣብ ምቕዋም ወይ ካብ ምጥራዝ ንምድሓን ዝግበር ቃለሲ ካብ ናብ መበቆል ሃገርካ እዚ ናብ ውሽጢ ኢውሮጳ ዝግበር ዝሓሸን ዝቐለለን እዩ።ምኽንያቱ ናይ ዱብሊን ኮንቨንሽን ብምምርኳስ ፍሉይ ነፋሪት ኣይዳለወልካን እዩ።ከም ኖርማል ተጓዓዛይ ድማ ምስ ተጓዓዝቲ ከምእትብርር እዩ ዝግበር።ከምኡውን እቲ ናይ ዱብሊን ናይ ምጥራዝ መሰርሕ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክፍጸም ስለዘለዎ፡እንተዘይተፈጺሙ ድማ ጀርመን ሓላፍነት ናይ መሰርሕ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ስለእትስከምኒ 6 ወርሒ ንምሕምሻሽ ናይ ግድን ክትቃወም ይግብኣካ።ምናልባት ናይ ምጥራዝ መሰርሕ(ንኣብነት ናብ ኢጣልያ/ሃንጋሪ ወይ ማልታ) ክተተዓናቅፎ እንተኽኢልካ ናብ ዲተንሽን ክትምለስ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ።መብዛሕትኡ ምጥራዝ ድማ ድሕሪ ብዙሕ ኣዋርሕ ስለዝካየድ እቲ 6 ኣዋርሒ ንኽሕምሽሽ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ።ስለዚ እቲ 6 ወርሒ ደድ ላይን ምስ ኣኸለ እቲ ናይ ዑቕባ መሰርሕካ ኣብ ጀርመን ከም ዝቕጽል ይግበር።እዚ ግን ንኣብ ካልእ ሃገር ኣሻራ ናይ ኣጻብዕቲ ጥራይ ዘለዎም እንበር ንናይ ስደተኛ ዑቕባ(ረፍዩጂ ስታተስ) ዘለዎም ኣይምልከትን እዩ።

## ካብ ደገውን ሓገዝ ክትረኩብ ትኽእል ኢኻ

ብዙሓት ሰባት ምስ ናይ መንግስቲ ጀርመን ናይ ምጥራዝ ፖሊሲ ኣይሰማምዑን እዮም።ንኣብነት፡ ኣብ ፍራንክፈርት ናብ ኣየር ፖርት ብቕጻሊ ብምምልላስ ንምጥራዝ ዝቓወም ግሩፕ ኣሎ።ብዚ ዝሰዕብ ኢመይል ድማ ክትረኽቦ ትኽእል

**vga@antira.info /**

በርትዕ! ሰሰናዩ ድማ ንምንየልካ!

ዶብ ኣለቦ – ንናይ ምንቅስቓስ ነጻነት!

No border – For freedom of movement!